# ዓቢ ፖለቲካዊ ጸወታን ሻውዓይ ምዕራፍ ባይቶ ጸጥታን

ባይቶ ጸጥታ ኣንጻር ኤርትራ ዘሕለፎ ውሳኔ ቁ.1907

መበገሲኡ፡ ድሕረ ባይታኡ፡ ትሕዝቶኡ ዕምቈቱን ጸገማቱን

**ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ**

Part I



**መእተዊ**

ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ፡ ብ23 ታሕሳስ 2009 ብቑጽሪ 1907፡ ብ5 ታሕሳስ 2011 ብቑጽሪ 2023፡ ብ24 ሓምለ 2013 ድማ ብቑጽሪ 2111 ዝፍለጥ ዓማጽን ዘይፍትሓውን ውሳኔታት እገዳ ኣንጻር ኤርትራ ከም ዘሕለፈ ይፍለጥ። መበገሲ ናይቶም ዳሕረዎት ውሳኔታት እቲ ብቑጽሪ 1907 ዝፍለጥ ውሳኔ ስለዝኾነ ድማ፡ መጽናዕታዊ ጽሑፈይ ናብኡ ዘተኮረ ክኸውን እዩ።

ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ብ23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ዘካየዶ መበል 6254 መጋባእያ፡ ንምዕራፍ 7 ቻርተር ው.ሕ.ሃ መሰረት ብምግባር ኣንጻር ኤርትራ መርትዖታት ዘይብሉ ዓማጺን ዘይፍትሓውን ውሳኔ ኣሕሊፉ። ነዚ ውሳኔ'ዚ ከሕልፍ ከሎ ዘቕረቦ ምኽንያታት፡ "ሃገረ ኤርትራ ንዕጡቓት ምንቅስቓስ ሶማል ፓለቲካዊ፡ ፋይናንሳውን ሎጂስቲካውን ሓገዝ ትህብ ኣላ፡ ንመሰጋገሪ

ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማል ኣፍልጦ ኣይሃቦቶን፡ ሓይልታታ ካብቲ ምስ ጂቡቲ ዘዳውባ ከባቢታት ብፍላይ ከኣ ካብ ራስ ዱሜራን ደሴት ዱሜራን ኣይስሓበትን” ዝብል እዩ ነይሩ። እዚ ብባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ ውሳኔ፡ ኤርትራ ኣጽዋር ከይትሽምት ምእጋድ፡ ምድስካል ፋይናንሳዊ ዓቕማን ቁጠባዊ ጸጋታታን ከምኡ’ውን ንገለ ኣገደስቲ ውልቀሰባት መገሻታት ምኽልካል የጠቓልል።

እዚ ሕጋዊ መሰረት ዘይብሉ ዘይፍትሓውን ዓማጽን ውሳኔ’ዚ፡ ኣንጻር ኤርትራ እገዳ ንምሕላፍ ካብ ዘሎ ፖለቲካዊ ሽውሃት ምምሕዳር ኣሜሪካ ጥራይ’ዩ ዝብገስ። ምምሕዳር ኣሜሪካ ድማ ከምዚ ዓይነት ውሳነ ብመገዲ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ከሕልፍ ዝደረኾ፡ ኤርትራ ገበን ስለዝፈጸመት ዘይኮነስ፡ ብሃገራዊ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ደረጃ ኣብ ናጻን ሉኣላውን ፖለቲካዊ ውሳኔኣ ስለዝጸንዐት ብሓደ ወገን፡ ነታ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ስትራተጂያውን ኣጀንዳኡ ንምትግባር ከም ቀንዲ መሳርሒ እተገልግሎ ኢትዮጵያ ከም ዞባዊ ሓይሊ ንኽትኣምነላ ንምስግዳድ ከኣ በቲ ኻልእ ወገን እዩ። ንኹሉ’ዚ ንምትንታን ድማ ብመጀመርታ ትሕዝቶ፡ ድሕረ-ባይታን ዕላማን ውሳነ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታን መርገጺ ነፍሲ ወከፍ ቀወምቲን ዘይቀወምቲን ኣባል ሃገራት ባይቶ ጸጥታን ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

ብድሕሪኡ ከኣ ኢትዮጵያ፡ ኤርትራን ኣሜሪካን ኣብ ሶማል ዝኽተልኦ ፖሊሲ ቅድሚ ምትንታን፡ ሕመረት ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ጂኦ-ስትራተጂያዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ወተሃደራውን ከባብያውን ሽግር ሶማል ክንርኢ ኢና። ከምኡ’ውን ነቲ ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ “ናብ ሶማል ኣጽዋር ንኽይኣቱ ከቆጻጸር ዘቕሞ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን” ብዘይ ጭቡጥ መርትዖ፡ “ኤርትራ ንምንቅስቓስ ሶማል ፖሊቲካዊ፡ ሎጂስቲካውን ፋይናንሳውን ሓገዝ ትህብ’ያ” ክብል ዘቕረቦ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ምርኩስ ብምግባር፡ ብመሰረት ሻቡዓይ ምዕራፍ ቻርተር ው.ሕ.ሃ ኣንጻር ኤርትራ ዘሕለፎ ዓማጺ እገዳ ምርኣይ ክንምልከት ኢና።

እቲ ዘገርም፡ ባይቶ ጸጥታ ብዛዕባ’ቲ ኢትዮጵያ ኣብ ታሕሳስ 2006 ኣብ ሶማል ዘካየደቶ ቅሉዕ ወራር ብጩቕ ዘይምባሉ እዩ። ከምኡ’ውን ናይ ባሕሪን ኣየርን ሓይሊ ኣሜሪካ ኣብ ሶማል ዘካየዶ ስርሒታት ንቻርተር

ውድብ ሕቡራት ሃገራትን መትከላት ባይቶ ጸጥታን ዝግህስ ገበን ክነሱ ከም ኣገዳሲ ጉዳይ ኣይጠመቶን። ስለዚ ከኣ ባይቶ ጸጥታ ሎሚ ዘይኮነ ካብቲ ዝተመስረተሉ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ጀሚሩ ድርብ መለክዒታት ይጥቀም ከምዘሎ ክንርዳእ ንኽእል። ሓሙሽተ ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ዝጥቀማሉ ናይ ቀውፊ ድምጺ'ውን እንተኾነ፡ ብዋጋ ኣህጉራዊ ሕጊ፡ መትከላት ባይቶ ጸጥታን ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ረብሓታተን ንምውሓስ ነንሓድሕደን እናተጸዋወራ ንሉኣላውያን ንኣሽቱን ማእከሎትን ሃገራት ንምድሃኽን ዝግልገላሉ መሳርሒ እዩ።